ምምሕዳር ከተማ ዓድዋ ምስ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ብምትሕብባር መበል 129 ዝኽሪ በዓል ዓወት ዓድዋ ብዝደመቐ መንገዲ ንምብዕል ካብ ስፓንሰራት ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ስለዝደለየ ኣብዚ ዓውዲ ትነጥፉ ፕሮሞተራትን ኩነት ኣፈፀምትን /Promotres and Event Organizers/ ኣወዳዲሩ ክስርሕ ስለዝደልይ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 30, 2017 11:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:300,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: -18, 1745 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ማርኬትንግን ፕሮሞሽን ግልጋሎት/

ምልክታ

ምምሕዳር ከተማ ዓድዋ ምስ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ብምትሕብባር መበል 129 ዝኽሪ በዓል ዓወት ዓድዋ ብዝደመቐ መንገዲ ንምብዕል ካብ ስፓንሰራት ሃፍቲ ንምትእኽኻብ ስለዝደለየ ኣብዚ ዓውዲ ትነጥፉ ፕሮሞተራትን ኩነት ኣፈፀምትን /Promotres and Event Organizers/ ኣወዳዲሩ ክስርሕ ስለዝደልይ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለኩም ንክትሕግዙ እትደልዩን ትካላት ወይ ውልቀ ሰባት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቓሒታት ሰነድኹም ካብ ሎሚ ዕለት 23/05/2017 - 29/05/2017 ዓ/ም ናብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ከተማ ዓድዋን ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ብሃፍቲ ናይ ምትእልላሽ ወይ ድማ ኩነት ናይ ምስላጥን /Promotion and Event Organizing/ ናይ 2017ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘቕርብ፣ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነን ስራሕ ልምዲ መረዳእታ ዘቕርብን።

2. ዘቅረቦ ፕሮፖዛል ፋይናንሻልን ቴክኒካውን ሓበሬታ ብዝርዝር ከቕርብ ዝኽእል።

3. ኣብ ዝሓለፈ 1/ሓደ/ ዓመት ብምትእኽኻብ ሓፍቲ ወይ ድማ ብምድላው ኩነት ዝነበረ ኣፈፃፅማ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ተወዳዳራይ ፕሮሞተር 300,000.00 /ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ቅርሺ/ መተኣማመኒ ከትሕዝ ዝኽእል።

5. ዝረኽቦ እቶት 2,000,000.00 /ክልተ ሚልዮን/ ትሕቲኡን እንተኾይኑ ኮምሽን ዘይወስድ ልዕሊኡ እንተኾይኑ ድማ ካብ ዝተኣከበ ኣታዊ 25 ሚኢታዊ /ሚስራን ሓሙሽተን ሚኢታዊ/ ክወስድ ዝኽእል።

6. ስዓራይ ፕሮሞተር ወይ መዳለዊ ኩነት ኣብ ውሽጢ 2ተ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል።

7. ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ውፅኢት ስርሑ በብሓሙሽተ መዓልቲ ሪፓርት ከቕርብ ዝኽእል።

8. ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሚስራ መዓልቲ ዝተረኸበ እቶት ናብ ሽም በዓል ዓወት ዓድዋ 2017 ዓ/ም ዝተዳለወ ኣካውንት ከእትው ዝኽእል።

9. ማህበራዊ ሓላፍነቱ ንምውፃእን ዘወፍዮ መጠን ብሚኢታዊ // ዝገልፅ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ሃፍቲ እንተዘይተረኺቡ ወይድማ ዝውሕድ እንተኾይኑ ነቲ ምድላው ዕውትነት መማረፅታት ዘቅርብ።

11. ኣብቲ ዝቐርብ ፕሮፓዛል ዝቐርቡ ሓሳባት ግልፂ ብዝኾነ መልክዑ ክቕርብ ዝኽእል።

12. ካሊእ ካብዚ ዝቐረበ ዝርዝር ረቂሓ ተወሰኽቲ ብልጫታት ዘቅርብ።

ልቢ፤ በቲ ዝኣተውዎ ውዕሊ መሰረት ስርሑ ብኣግባቡ ዘይፈፀመ ብመስርሕ ክልልና ትሓታቲ ይኸውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle